


# “ወሃቢ ፀባ ኣይኽላእን ማንጨባ”

ዘበን በጠቖ፣ ዘበን ኣንበጣ፣ ዘበን ድርቂ፣ ዘበን ደርጊ፣ ዘበን ጭንቂ ኣብ ዓድና ደጋጊምና እነዉ፡ገዐሎም ሕማቓት ዘበናት'ዮም። ካብ'ዞም ዘበናት እዚኦም መናገፊ ምርካብ ትዕድሎት'ዩ፡፡ ካብ ገሊኦም ፀሎት ካብ ገሊኦም ድማ ብረት ከምዘናገፈና ዘይርሳዕ ማህደር ታሪኽና ዝምስክሮ ሓቂ እዩ፡፡ እቲ ፀሎት እኳ ኹሉ ጊዜ ምሳና ስለዘሎ ይፅነሐልና እሞ ኣብ'ቲ ብብረት ዝተናገፍናሉ ሕማቕ ዘበን ንዕሰል፡፡

ኣብ'ዚ ዘበን ፍትሒ ተሳኢኑ፣ ጭቆና ተቖሊሉ፣ መደብ ተጎዛዝዩ፤ ሰብን ዘይሰብን፣ ዜጋን ዘይዜጋን፣ ገዛእን ተገዛእን፣ ዓብላልን ተዓብላልን፣ ፍጡር ክልተ ኾይኑ ፀላም ዲን ረኺቡ ሓሊፉ፡፡ ከም'ቲ ንኹሉ ፀድፍታት መደያይቦ ኣለዎ ዝበሃል ግን ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ በይዛ ህዝቢ ክኾኑ ከምብዋዛ ዝጀመርዎ ቃልሲ 17 ዓመታት ኣቑፂሩ ዕማሙ ብዘንፀባርቕ ዓወት ዛዚሙ ካብ ሕሰም ኣናጊፉና፡፡

እንተኾነ ነዚ ዕማም እዚ ንምዝዛም ዝተኸፍለ ደም፣ ዝተሰንከለ ኣካልን ዝባደመት ሃገርን ተመሊስካ እንትሕሰብ ንምእማኑ ዘፀግም መስተንክራዊ ኾይኑ ትረኽቦ፡፡ ብፃይነት በሪኹ “ኣነ ኸስዋእ ንስኻ ንገር” “ኣይፋልን ኣነ ደአ ኸስዋእ ነጋሪ ኣይግበረኒ” ብምብህሃል “ካብ ክሳደይ ክሳድ ወድነይ” ዝብል ብሂል ወለዲ ሓመድ ዝደበየሉ ዘበን ብፃይነት እናሓደረ ዝኹላዕ ወርቃዊ ታሪኽ ህዝቢ ኾይኑ ሓሊፉ፡፡ ጓል ኣንስተይቲ ዘቤታዊት ተጌራ ትሕሰበሉ ዘበን ኣኺቲሙ፣ ሽጉርቲ ዝኸተፉ አእዳዉ ቡምባ ምድርባይ’ዉን ከምዘምሕረለን፤ ደርሆ ዝገንፀላ አእዳዉ ፀላኢ ምድቋስ ከምዝኽእላ፤ ካብ ገዛ ርሒቐን ዘይዘወራ ኣእጋር ታባታት ከምዝስንጥቓ ብግብሪ አርእየን ፍትሒ ዘምፅኣ ኣንስቲ ዘገዳም ዋዕሮታት ቅየአን ዝነገሰሉ ዘበን፣ ዘበን ጀግንነት ሓሊፉ፡፡ ኣዴታት ንኹርማጅ ሰብኡተን እንግደዐን ዝህባሉ ዝነበራ ዘበን ብ ንጥይት ግንባረን ዝህባሉ ዘበን ተቐይሩ፡፡ ህዝበን ካብ ዘበነ ጭቆና ንምንጋፍ አእላፍ ጎራዙ ተሰዊአን፤ አእላፍ ድማ ሰንኪለን፤ ሒደት ድማ ነገርቲ ታሪኽ ኮይነን ሓዊ ተፊኡወን፤ ንሰላም ኣርኪበነኣ፡፡ እዘን ፍርቀን ሰንኪለን ፍርቀን ድማ ዕድል ጌረን እቲ እንነብሮ ዘለና ብርሃን ወገግ ዘበለኦ ዋዕሮታት ግን ኣብ’ቲ ወገግ ዘበለኦ ብርሃን ሸናዕናዕ ክብላ እናተገበአን፤ መሬት አብሪሀን ኣብ ፀላም ክነብራ ዝፈቅድ ፍጡር ፈፂሙ ክህሉ ኣይክእልን’ዩ፡፡

እቲ ግደ ሓቂ፣ ግደ ሓቂ ስለዝኾነን ካብ ሓቂ ሰተት ስለዘይብልን ግን ኣብዚ ሐዚ እዋን ቐፅረን ዘይናዓቕ ዋዕሮታት ኣብ ፅርኩር ኢኮኖሚያዊ ፀገም ይርከባ፡፡

ይኹን ደኣምበር፣ ብፃይነት ገድሊ ኣሽምባይ ዶ ዘለካ ንዋት ምክፋልስ ሰናይነት ምእንቲ ብፂትካ ምብጃዉ ኣምሂሩወን ስለዝሓለፈ፤ ቑጠባዊ ፀገም ብፆተን ብብርሃን ወገግ ከብላ ሰብ ፀጋ ዕድመ ተጋደልቲ ህወሓት ማሕበር ኣጣይሽን እንሆ ቦኽሪ ዓመተን ኣኽቢረን ይርከባ፡፡

ቡምባ ዝዓተራ አእዳዉ እዘን ዋዕሮታት ድማ ዘበን ዕርፊ እዩ’ሞ ራያ ቢራ ዓቲረን ወነ ልምዓተን ብተጎምፀፅ ኣፀምቢለነኦ ዉዒለን። ኣብ መወዳእታ ኩልና ኣብ ጎኒ እዘን ቅርስታት ጀግንነት ብምዕሳል ታሪኸና ንዓቅብ ንብል፡፡ ሰላም ቅነ!

